# ኣቦ መንበር ዲምሓኩኤ ኣብ ከተማ ስውዝ ፎልስ ሳውዝ ዳኮታ ህዝባዊ ኣኼባ ኣካይዱ

ኣቦ መንበር ዲሞክራሲያዊ ምንቅስቓስ ሓርነት ኩናማ ኤርትራ (ዲምሓኩኤ) ተጋዳላይ ቀርነልዮስ ዑስማን ምስ ተቐማጦ ከተማ ስውዝ ፎልስ ሳውዝ ዳኮታ ህዝባዊ ኣኼባ ከም ዘካየደ እቲ ዝመጸና ዜና ሓቢሩ፡፡ ኣብዚ ኣኼባ ኣቦ መንበር ዲምሓኩኤ ቀርነልዮስ ዑስማን ሓርነታዊ ቃልሲ ብሄረ ኩናማ ኤርትራ ዝበጽሖ ደረጃ ብሰፊሕ ንኣኼበኛታት ድሕሪ ምግላጽ፡ ኣብ ሰለሰተ ውድባዊ መርገጺታት ምስ ተሳተፍቲ ሰፊሕ ሓበሬታ ብምልውዋጥ ኣብ ናይ ሓባር ውሳኔ ከም ዝበጽሑ እቲ ዜና ወሲኹ ሓቢሩ፡፡




ቀዳማይ ነጥቢ፡ ምቋም ኮሚኒቲ ብዝምልከት ውድብ ዘለዎ መርገጽ፡ ዝቐውም ኮሚኒቲ ንመላእ ብሄር ኩናማ ኤርትራ ብፖለቲካዊ ኣረኣእያኡ፣ ሃይማኖታዊ ዘይጎኒን ኣሳታፊ ኮይኑ ክሳብ ኣብ ክሊ መሪሕነት ንክመርጹን ንክምረጹን ሙሉእ መሰል ከም ዘለዎ ኣኼበኛ ኣስሚሩሉ፡፡ ዝቐውም ኮሚኒቲ፡ ማሕበራዊ መዳያት ከም ሓዘን፣ ሓጎስ፣ ትምህርቲ፣ ባህሊን ቋንቋን ሓድነቱ ዓቅቢ ዝሕዝን ኣጠናኺሩ ዝኸይድ እምበር፡ ንሽቀጥ ከም ዘይኮነ ብግልጺ ኣነጺሩ፡፡ ኣብ ልዕሊ እዚ ኮሚኒቲ ካብ ፖለቲካ ነጻ እዩ ብዝብል ጉልባብ ንብሄረ ኩናማ ካብ መሪሕ ውድቡ ዲምሓኩኤ ንምእላይ ብስርዓት ህግደፍ ዝተሓንጸጸ መደብ ከም ወትሩ ተቓሊሶም ንከፍሽሉዎ ቃሎም ከም ዘሐደሱ እቲ ዝመጸና ዜና ወሲኹ ሓቢሩ፡፡




ካልኣይ ነጥቢ፡ ዝተማህረን ህዝባዊ ኣረኣእያን ጽሬትን ዝተላበሰ ምሁር ኣካል ንምፍራይ፡ ኣብ መዳይ ትምህርቲ ዝረኣዩ ጥንኻረን ድኽመታትን፡ ኣቦ መንበር ዲምሓኩኤ ዑደት ኣብ ዘካየደለን ኩለን ስቴታት

ዝተዓዘቦ ንምይይጦም ብዝሕግዝ መልክዑ ድሕሪ ምውራድ፡ ካብ ግዜ ስርዓት ሃይለስላሴ፣ ደርግ ክሳብ ህግደፍ ኣብ ዘሎ ግዜ፡ ብሄረ ኩናማ ንጹር ዝኾነ ካሪኩለም ከም ዘይብሉ ብግልጺ ኣነጺሮም። ዲምሓኩኤ ኣብ መደበር ስደተኛታት ኣብ መዳይ ትምህርቲ ዝተጻወቶ ተራን፡ ምስ ማሕበር ምትሕግጋዝ ብሄረ ኩናማ ብሓባር ብዝበርከቱዎ ዕዙዝ ተራ ኣብ ሽመልባ ሪኡይ ለውጢ ከም ዝተመዝገበ ሓቢሩ። ተሳተፍቲ ብወገኖም ካብ ሕጂ ንዳሓር ኣብ ኩለን ስቴታት ዝቆማ ኮሚኒቲ ኣብዚ መዳይ ዕዙዝ ኣበርከቶ ክገብራ ኣለወን ከም ዝበሉ እቲ ዝመጻና ዜና ሓቢሩ።




ሳልሳይ ነጥቢ፡ ኣብ ኣሜሪካ ዝርከብ ኣባል ኩናማ እንታይ ስለዘይረኣየ እዩ፡ ህግደፍ ኣብ ዘዳለዎ መድረኻት ዝኸይድ ኣብ ዝብል ነጥቢ ሰፊሕ ምይይጥ ተኻይዱሉ። ተሳተፍቲ ህግደፍ ኣብ ዘዳለዎ መድረኻት ምኻድ ሰኣን ንቕሓት ኮይኑ፡ ቅኑዕ ከም ዘይኮነን ክኸየድ ከም ዘይግባእን፡ ዘይምልከተናን ዘይናትና መድረኽ ከም ዝኾነ ኣስሚሩሉ። በዓል ነጻነት ንኩሉ ኤርትራዊ ዝምልከት ብምኻኑ ክነብዕል ክንሳተፍ ዝግበኣናን እንተኾነ እውን፡ መሓዙትናን መድረኽናን ክነለሊ ከም እንግደድ ክዝንጋዕ ከም ዘይብሉ ገሊጾም። ከምኡ እውን ንሕና ከም መጠን ደንበ ተቓወምቲ ኤርትራ ምስ መሓዙት ውድባት ሎሚ ዘበን ንመበል 24 ዝኽበር በዓል ናጽነት ግንቦት 24 2015 ኣብ ስውዝ ፎልስ ብክብ ዝበለ ድምቐት ክኽበር ከም ዝግባእ ተሳተፍቲ ኣኼባ ገሊጾም። ኣብ መወዳእታ ክልተ ደቂ ኣንስትዮ ዝርከቡወን ናይ ሳውዝ ዳኮታ ምምሕዳራዊ ኮሚቴ ብምቛም ኣኼብኦም ከም ዝዛዘሙ እቲ ዝመጸና ዜና ወሲኺ ሓቢሩ።

**ዘበገስናዮ ሓርነታዊ ቃልሲ ብሄረ ኩናማ ናብ መጨረሻ ምዕራፉ ነብጽሓዮ!!!**

**መትካለት ዲምሓኩኤ ንዘልኣለም ክዕንብቡ እዮም!!!**